# ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ -መሰረት

ሰልፊ ናህዳ ኢርትራ- መሰረት ፡ ኣብ ዕለት 09 / 01 / 2020 ዕዉት ስሩዕ ገምጋማዊ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ፈለማ ኣቦ-መንበር ማእከላይ ሽማግለ ነቲ ኣኼባ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርን ሰልፍን ምርኩስ ዝገበረ ሓጺር መደረ ሂቡ ድሕሪ ምኽፋቱ ፡ ስዒቡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ሓው ኣንዋር ኢብራሂም ፡ ሓጺር መእተዊ መደረ ገይሩ ። ንሱ ቀጺሉ እቶም ኣብ ሰልፊ ዝተዓመሙ ብመንጽር እቲ ኣቀዲሙ ዝተዳለወ መደብ ዕዮ እናኣገናዘበ ፡ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ዝዓመመቶም ዕማማትን ዘጋጠሙዋ መሰናኽላትን እናገለጸ ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ሓያል ጎኒን ድኹም ጎኒን በብሓደ ብደቂቕ ዘርዚሩ መብርሂ ብምሃብ ፡ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣብ ሕሉፍ ተሞክሮኣ ምርኩስ ብምግባር ንመጻኢ ብዝሓሸ መልክዕ ብዝተዓጻጸፈ ፍርያምነታ ከተረጋግጽንን ንሰልፍን ሃገርን ናብ ዝበለጸ ገምገም ንኽተብጽሕ ኣበርቲዓ ንኽትሰርሕ ኣጥቢቑ ኣተሓሳሲቡ። ብምቕጻል ፡ ማእከላይ ሽማግለ ነቶም ብፈጻሚ ሽማግለ ዝቐረቡ ናይ ስራሕ ጸብጻባት በብሓደ እናረኣየ ኣብ ልዕሊኦም ሰናይ ክትዕን ሃንጺ ሓሳብን እናፍሰሰ ድሕሪ ምግምጋሙ ፡ እቶም ኣቀዲሞም ዝተሓንጸጹ መደባት በቲ ዝድለይ መልክዖም ከምዝተተግበሩ ኣረጋጊጹ። ኣብ መጻኢ ውን በዞም ተዓሚሞም ዘለዉ ዕዉታት መደባት ከይተዛነና ፡ ንዝያዳ ለውጥን ፍርያምነትን ብብርታዐ ክስራሕ ከምዝግባእ ተላብዩ።
እቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ብኩሉ መለክዒታቱ ክረኣይ እንከሎ ፡ ካብ'ቶም ዝሓለፉ ኣኼባታት ፍልይ ዝበለን ፡ ግሉጽነትን ተጻዋርነትን ለውጥን ዘመስከረ ዕዉት ኣኼባ እዩ ነይሩ።

ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ
ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሰዓብቱን
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ክፍሊ ዜናን ምንቅቓሕን
ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ - መሰረት
11 ጥሪ 2020

Foreign Relations Office